# ምንዳድ መሳጊድ ኣብ ጎንደር !

ዝተቀትሉን ዝቆሰሉን ከኣ ኣለዉ ። ብዘይ ሓቂ ዝፈሰሰ ደም ሰብ ከኣ ካብ ምፍራስ መሳጊድ ወይ በተ ክርስትያን ዝበኣሰ ገበን`ዩ። መሳጊድ ምፍራስ ገበን ምዃኑ ዘየካትዕ ኮይኑ፤ ንሓደ መሬት ብኹላ መስጊድ`ያ ዝተባህሎ፤ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክሰግድ ዝኽእል ፤ መሬት ከም ዑንቂ እንተጸበበት ከኣ ስግደት ኣብ ውሽጢ ልቡ ክፍጽም ንዝኽእል / ንዝተኣዘዘ ምእሚን መስጊዱ ምፍራስ ብሸነኽ እምነት / መንፈስ ዝኾነ ይኹን ሃስያ ከተብጽሓሉ ኣይትኽእልን ኢኻ። ንነፍስኻ ኣብ መንገድኻ እሾኽ ትዘርእ ከም ዘለኻ ግና ክርደኣካ ኣገዳሲ`ዩ።

ሰሜን ኢትዮጵያ ብታሪኽ ሃይማኖታዊ ጠቀስ ቅልውላው ኣብ ምፍጣር ዝተፈልጠ ቦታ`ዩ ።ብጡሩፋት ባእታታት ወይ ጉጅለ ዝፍጸም ንኣሽቱ ተረክቦታት / ገበናት ጥራሕ ዘይኮነስ ክሳብ ኢትዮጵያ ካብ ሓደ ሃይማኖት ንላዕሊ ኣይትጸውርን`ያ ዝብሉ መራሕቲ ሃገር ዘጥረየ፤ ነስላም ወይ ያሁድ ጥራሕ ዘይኮነ እንተላይ ተዋህዶ ዘይኮነ ክርስትያን ዝነፍጉ መራሕቲ ዝነበርዎ ዞና ናይ ኢትዮጵያ`ዩ። ሰሜን ኢትዮጵያ ማለት ከኣ እቲ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ዘዳውብ ሸነኽ ምዃኑ`ዩ !

ስለዝን እትን ፡

1- ነስላም ጎንደርን ኢትዮጵያን ብዝምልከት

* ዝኾነ እምነታዊ ቦታ ዋላ ኣብ ዘመን ውግእ ምፍራስ ፤ኣብ ውሽጡ ከህሉዉ ንዝኽሉ ባሕታውያን ምህሳይ፤ ሰብ ዘጽልለሉ ገረብ ሙቅራጽ ሃይማኖትኩም ከምዘየፍቅደልኩም ፈሊጥኩም ከም ተጻይ መልሲ ቤተ ክርስትያን ካብ ምንዳድ ክትጥንቀቑን ፤ እቶም ትማሊ መስጊድ ዘቃጸሉ ባዕሎም ነገር ንምውዕዋዕ ቤተ ክርስትያን ከቃጽሉ ስለ ዝኽሉ መንገድኹም ብምንጻር ኩሉ ሕጋዊ መንገዲ ተጠቒምኩም መሰልኩም ከተሕልዉን ናይ ዝጠፈኤ ንብረትኩም ካሕሳ ክትረኽቡን ንገበነኛታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ንምቅራብ ክትቃለሱ ይግባእ።

2- ንክርስትያን ጎንደርን ኢትዮጵያን ብዝምልከት

* ኩሉ ቁኑዕ ክርስትያን ነቲ ኣብ ጎንደር ኣብ ልዕሊ ኣስላም ዝተፈጸመ ገበን ከም ዝኹንን ዘረጋግጽ መርገጽን ስጉምትን ብምውሳድ፤ ሰላማዊ ሰልፊ ብምክያድን ፤ እቲ ጉዳይ ነስላም ኢትዮጵያ ጥራሕ ዝምልከት ከም ዘይኮነ ከምስሎ ክሰርሕ ኣለዎ። ንድሕነት ኢትዮጵያ ክሰርሕ ኣለዎ። ታሪኽ ከድገም የብሉን፤ ኣብ ዝሓለፈ ዘመን ኣስላም ኢትዮጵያ ንበይኖም ምስ ኮኑ`ዮም ናብ ሱዳን ተጸጊዖም ተስሊፎም ተዓጢቆም ኣንጻር ዮውሃንስ ዝተዋግኡ።

3- መንግስቲ ኢትዮጵያ ከኣ ከም መንግስቲ ክትሰርሕ ክትክእል ኣለዋ !

ብዝተረፈ ሰላም ንህዝቢ ኢትዮጵያ

እምነትካ ብምስባኽ እምበር ብመሳጊድ ምንዳድ ከተስፋሕፍሕ ዝከኣል ኣይኮነን።

AAHafiz 29/4/2022